**ሓደ ዕሱብ ኢሳይያስ ምስ ወጽዓን ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን ህዝቢ ኤርትራ ንዝደናገጽ**

**ጋዜጠኛን ጸሓፍን ማርቲን ፕላውት ብምህራሙ ተኣሲሩ**

December 2, 2018 assenna



ሓደ ያቆብ ገብረመድህን ዝተባህለ ኣብ ለንደን ዓዲ እንግሊዝ ተዓቚቡ ዝነበር ዕሱብ መጋበርያ ምልካዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ምስ ወጽዓን ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን ህዝቢ ኤርትራ ብምድንጋጽ ጉዳይ ኤርትራውያን ዓለም ለኻዊ ኣቓልቦ ከም ዝረክብ ኣብ ምግባር ዕቱብ ኣበርክቶ ንዝገብር ዘሎ ጋዜጠኛን ጸሓፍን ማርቲን ፕላውት፡ ኣብ ህዝባዊ ቦታ፡ ርስሓት ብዝመልኦ ጀሪካን መጥቃዕቲ ብምፍጻሙ ብፖሊስ ድሕሪ ምእሳሩ ተኸሲሱ። ነዚ ጉዳይ ዝሰምዑ ብዙሓት ኤርትራውያን፡ ሕግን ስርዓትን ዓዲ እንግሊዝ ንዘውሕሶ መሰል ምግላጽ ሓሳባት ተጠቒሞ ሓሳቡ ብምግላጽ ሞያውን ሞራላውን እጃሙ ንዘበርክት ዘሎ ጋዜጠኛን ጸሓፍን ንምትንዳብ ተልእኾ ናይቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር መሰል ህዝቢ ኤርትራ ዝረግጽ ዘሎ ቀይዲ-በተኽ ምልካዊ ስርዓት ንምስላጥ ነዚ ናይ ደቂ ጽግርያ ስራሕ ንዝፈጸሙ ያቆብን ኣሰነይቱን ኮኒኖሞ። ስም ናይቲ ብስርዓትን ዲስፕሊንን ዝፍለጥ ኤርትራዊ ማሕበረሰብ ዓባይ ብሪጣንያ ብምኽፋኦም ከኣ ቁጥዖኦም ገሊጾም።

እዞም ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ስቅያት ህዝቢ ኤርትራ ዘይዓጠም ተበለጽቲ ካብዚ ኣብ ስደት ረኺቦሞ ዘለዉ ሕግን ስርዓትን እቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኢሰብኣዊ ምልካዊ ምሕደራ ዝምችኦም እንተደኣኾይኑ፡ ርያኦም ጠቕሊሎም ናብ ኤርትራ ክምለሱ ምርጫ ከምዘለዎም ኣዘኻኺሮም። እዞም ነዚ መዓልታዊ ተመክሮ ህዝቢ ኤርትራ ኮይኑ ዘሎ ጽዩፍ ተግባር ውልቀመላኺ ስርዓት ኣብ ጽርግያታት ለንደን ዝደገሙዎ ዕሱባት ክልለዩን ትምህርትን ተግሳጽን ክወሃቦምን ከምዝግባእ `ውን ኣገንዚቦም። እቲ ዝገርም፡ እቲ ልኡኽ ህግደፍን ሰዓብቱን፡ በቲ ዝፈጸሙዎ ጽዩፍ ተግባር ሓኒኾም ኣብ ክንዲ ዝሕብኡ፡ ብስእሊ ቪድዮ ኣሰንዮም `ብጸባን እንቋቑሖን ስርሒት ፈጺምና` ኢሎም ክጅሃሩ ምፍታኖም እዩ። ብሓቂ ካብቲ ምስ ታንክን ሚሳይላትን ገጢሙ ብዘመዝገቦ ዓወት ዘይጀሃር ህዝቢ ምኻኖም `ውን የጠራጥር።

ጋዜጠኛን ጸሓፍን ማርቲን ፕላውት፡ `ኣብ ውሽጥን ወጻእን ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ካብዚ ዝኸፍእ ገበናት ከምዝፍጸም ኣጸቢቐ ስለዝፈልጥ እዚ ርካሽ ስራሕ`ዚ ስለ ህዝቢ ኤርትራ ሓቂ ካብ ምዝራብን ምጽሓፍን ኣይክዓግተንን `ዩ` ክብል ድምብርጽ ከምዘይብሎ ኣረጋጊጹ። እኳ ደኣ፡ እቲ ስርዓት ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ምሉእ ቁጽጽሩ ኣብ ልዕሊ ዘሎ ህዝቢ ዝፍጽሞ ብጸብጻባትን መሰኻኽርን ዝስማዕ ገበናት ሓቅነቱ መሊሱ ዘረጋግጸሉ ጭብጢ ብምኻኑ፡ ብዝያዳ ከምዝሰርሓሉ ኣገንዚቡ

ምንጪ መርበብ ሓበሬታ ኣሰና፡ 2 ታሕሳስ 2018

ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ